

ኦ ቅዱስ ኣንጦንዮስ ፥ ንምውታን ዘተንሥእ ጸጋ ዝተዓደለካ ንስኻ ኢኻ'ሞ፡ ንነፍሰይ ካብ መንፈሳዊ ትኽስታኣ ኣንቂሕካ ናብ መንገዲቅንዕናን ቅደስናን ክትድርኻ እንልምነካ ኣሎኹ።
ኣቦና ኣብ ሰማያት.....፥ ሰላም ነዓኺ ኦ ማርያም....፥ ስብሓት.....

ኦ ሊቀ ወንጌል ዝኾንካ ቅዱስ ኣንጦንዮስ፥ ንቅድስቲ ቤተ ክርስቲያንን ንምሉእ ዓለምን ባኣብነትካ ዝመርሕካ ንስኻ ኢኻ'ሞ፡ ንነፍሰይ ካኣ ካብ ጸልማት ናብ ሓቅን ሰማያዊ ብርሃንን ክትጽውዓ እልምንካ ኣ ሎኹ።
ኣቦና...

ኦ ርኅሩኅ ቅዱስ ኣንጦንዮስ፥ ነቶም ብጊዜ ጸገሞም ናባኻ ዚዕቆቡ ረድኤትካ ከም እተወፍይሎም ፈሊጠ፡ ኣነ'ውን ሎሚ ሓገዝካ ክትህበኒ ኣባኻ ብእምነት እምኅጸን ኣሎኹ።
ኣቦና.....

ኦ ኀያል ቅ. ኣንጦንዮስ፥ ካብ ንእስነትካ ኣትኂዝካ ብተጋድሎን ብጸሎትን ንፈተና ሰይጣን ዝሠዓርካ ኢኻ'ሞ፡
ነኣይ ከኣ ካብ እከይ ግብርን ክፉእ ሓሳባትን ከተድኀነኒ እልመነካ ኣሎኹ። ኣቦና......

ኦ ፈጹም ንጹሕ ዝኾንካ ቅ.ኣንጦንዮስ፥ ኣብ መንፈሳዊ ርስሓትን ጭቃን ጠሊቓ ንነፍሰይ ካብ ፈጣሪኣ ከየርሕቓ ባዕልኻ ኣጽልለንን ርዳኣንን። ኣቦና....

ኦ መንፈሳዊ ሓኪም ዝኾንካ ፍቑር ቅ.ኣንጦንዮስ፥ ብረዴኤትካ ብዙኀት ሕሙማት ሕይወት ጥዕናን ረኺቦም እዮም ከሙ ከኣ ንነፍሰይ ካብ መንፈሳዊ ቍስላ ከተሕውያ ሓገዝካ እልምን ኣሎኹ። ኣቦና....

ኦ እሙን ዝኾንካ ቅ. ኣንጦንዮስ፥ ኣብ'ዚ እሾኽ ዝመልኦ ንብረት ዓለም'ዚ ንነፍሰይ ብዕልኻ ኣናቢኻ ናብ ዘለዓለማዊ ሕይወት ክተእትዋ እልምነካ ኣሎኹ።
ኣቦና.....

ኦ የዋህ፥ ልብን ረዳኢ ጭቁናትን ብዱላትን ዝኾንካ ቅዱስ ንነፍሰይ ኣብ'ቲ ማዕረ ዘይብሉ ርቱዕ ኸነኔ ፈጣሪ ከይትወድቕ ካብ ሰንሰለት ሥጢኣት ባዕልኻ ክትረዳን ክተናግፉን እልምንካ ኣሎኹ።ን ኣቦና......

ኦ ገባሬ መንክር ቅ. ኣንጦንዮስ፥ ነቶም ካብ ኣካል ክርስቶስ ተነጺሎም ኣብ ጸልማትን ጽላለ ምትን ዚንብሩ ክርስቲያን ናብ ቤተ ካርስቲያን ክትመልሶም ኣባኻ ተስፋ እገብር ኣሎኹ። ኣቦና......



**ኦ ቅ.ኣንጠንዮስ፥** ካብ ፍቕሪ እግዚኣብሔር ብኀጢኣተይ ከይርሕቕሥ፥ እንተ ረሓቕኩ ካኣ ባዕልኻ መንዝዕካ ናብ ፈጣሪየይ ክትመልሰንን ምሱ ክትዓርጠንን እልምነካ ኣሎኹ። ኣቦና.....

**ኦ ቅ.ኣንጠንዮስ፥** ኑስ ይኹን ሽማግለ ብተስፋ ናባኻ ዝጕየዩ ካቶ ኣይሓፍሩን'ም ናይ ሱንን ምስኪንን ከኣ ሓገዝካ ከይትኸላኒ እልምነካ ኣሎኹ። ኣቦና.....

**ኣ ሕያዋይ ቅ.ኣንጠንዮስ፥** ኣብ ሰሪ መዓትን መከራን ንከይንወድቕ ባዕልኻ ብሰላምን ብፈሪሓተ እግዚኣብሔርን ምእንቲ ክነብርን ከተጽልለኒ እልምነካ ኣሎኹ። ኣቦና.......

**ኦ ርኅሩኅ ዝኾንካ ቅ.ኣንጠንዮስ፥** ኣብ'ዚ ቅዱስ ደብርኻ ኲንካ ድኻመይን ከንቱነተይን ተዓዚብካ ክተጸነናንዓንን ጸሎተይ ከኣ ናብ እግዚኣብሔር ክተብጽሓለይን እልምነካ ኣሎኹ። ኣቦና....



**መዕጸዊ ጽሎት፥** ኣ ጐይታና እዚ ኣብ ቅዱስ ኣንጦንዮስ ዘሎና መንፈሳዊነት ንእምነትና ብምንፈስ ኣደልዲሉ ዘለዓለማዊ ታሕጓስ ንምርካብ ምእንቲ ኪሕግዘና ባኣማልድነቱ ገቢርና ንልምነካ ኣሎና፤ **ኣሜን።**